

<u>ብፈለምቲ ጀላቡ ዝነበረ መጓዓዝያ ጥንቲ ንምርኣይ ዝወጸ ስእሊ</u>
03*



<u>ዘመናዊት መርከብ</u> 04*


ካብ ቅድመታሪኽ ክሳብ ሎሚ ንዓለም ናብ ቁሸት ዝቐየረ፡ናይ ወለዶታት ስራሕ መጓዓዝያ ዓለም፡ብሓጺር፡ብቀሊል ቋንቋን ስእላዊ ሓበሬታን፡ተሞክሮ ክኢላታትን መሃንዲሳትን ዓለም፡ናብ ኩሎም ስነፍልጠትን መስርሕ ምዕባለ ዓለምናን ምርኩስ ብምግባር ክንብቡ፡ ክመሃሩ፡ ክመራመሩን ክሰርሑን ባህጊ ዘለዎም ኤርትራውያን፡ ብታሪኻዊ መልክዕ ንምሕባር ዝተጻሕፈት ድሕረባይታ መጓዓዝያ ናይ ዝሓለፈ መዋእላት እትፍትሽ መጽሓፍ።

መስል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ።ነዚ መጽሓፍዚ ብዘይ ፍቓድ ደራሲ ምሕታም ወይ ምብዛሕ ብሕጊ የሕትት።
All rights reserved. copy right 2014

ሕቶ ወይ ርእይቶ ምስ ዝህልወኩም
- ኣድራሻ Am Komberg 62
57076 Siegen
Germany
- ብቁ.ስልኪ 0049/ 271/ 3190337 ደዊልኩም
ወይ ድማ - ብኢ.መይል TS96@live.de ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።

ISBN 978-3-00-047205-3


ደራሲ፡ ተስፋይ ሰዩም፡ ጀርመን



ምህዞ ፈላሚት መኪና ዓለም ናይ ካርል ፍሪድሪሽ
በንዝ (ጀርመን) 1885 05*

## ምስጋና

መጀመርያ ነቲ ጥዕና ዓቕልን ትዕግስቲን ዝሃበኒ እግዚኣብሔር ከየመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ቀጺለ ንኹሎም ስድራ-ቤተይ ኮነ ቤተሰበይ በቲ ዝገበሩለይ ምትብባዕ፡ ፊናንሳዊ ደገፍ ኮነ ናይ ኣቀራርባ ሓሳብን ናይ ፊደላት መኣረምታን ምስጋናይ የቕርብ። ብፍላይ ንእንጅነየር ኣማኒኤል ኣብርሃም ድማ ኣብ ናይ መካኒካዊ ሕግታትን ለይ ኣውትን ዝለገሰለይ ሓገዝ ብልቢ የመስግኖ።



ተስፋይ ስዩም

መድረኻት ምዕባለ መጓዓዝያ ዓለም፡ ካብ ታሕተዋይ መሳልል ክሳብ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ናይ ሎሚ፡

-ቮየጀ.1 1977

-ሳተላይት 1957

-ሄሊኮፕተር 1928

-ዘ.ባቡር ማግነት 1914

-ነፋሪት 1903

-መርከብ ኣየር

-ናይ ጽዕነት መካይን 1896

-ኣውቶቡስ 1895

-ሞቶ 1894

-መኪና (ኣርባዕተ እግራ 1886)

-መኪና (ሰለስ እግራ፡1885)

-ሞቶር በንዚን 1883

-ባቡር ኤለክትሪክ 1879

-ሞቶር (ጋዝ 1860)

-ብሽግሌታ (ክልተ እግራ፡1817)

-ባቡር ሃፋ 1801

-ብሽግሌታ (ሰለስ ኣግራ)

-ዓረብያ (ካሮሳ)

-መርከብ

-ፈለማ - ጃልባ

# መቕድም

ዝኸበርካ ኣንባቢ፡

ዘመናዊ ቁጠባ ክተኣታቶ፡ ብተክኖሎጂ ምዕብልትን ስልጥንትን ሃገረ ኤርትራ ክረጋገጽ፡ይግባእ።ኣዚ ባህጊዚ ናይ ኩሉ ብሓልዮትን ሓርኮትኮትን ዝልለ ኤርትራዊ ዜጋ እዩ። ብርግጽ ብዙሕ ጊዜ፡ ዓቢ ፈናንሳዊ ዓቕሚ፡ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ስነፍልጠት፡ ፈተነታት ምርምር፡ ትግባረኡን ምልከቱን፡ ነባሪን ቀጻሊን ምምሕያሻት ስራሕ፡ዝሓትት ብምዃኑ ተሃዊኽካ ዝጭበጥ ርካብ ኣይኮነን። ነዚ ራእይዚ ክዉን ንምግባር ክክኣል ቅሩብ ምዃን ግን፡ በብጊዜኡን በብደረጅኡን ክማላእ ዝግብእ ሓላፍነታዊ ጉዳይ እዩ። ነፍሲ ወከፍ በዚ ግዴታን ሓላፍነትን ዝቕየድ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ዜጋ፡ነቲ ኣብ ዓለም ብጊዜ ግሪኻውያን ዝፈለመ ብቐንዱ ድማ ካብ 16 ክ.ዘመን ኣትሒዙ ምስ ኩሉ ናይ ጊዜ ውረድ ደይብ ዝፈታተን ዝነበረ ሕግታት ስነፍልጠት፡ ክጽንዕን ትግባረኡ ክርኢ ክለማመድን ክመልኽን፡ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ እዋናዊ መልእኽቲ እዩ።

ተክኖሎጂ ምጽናዕ ማለት፡ ዓለም ምጽናዕ ማለት እዩ። ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሓት ሰፋሕቲ ጽላታትን ቀጻላታትን ዝሓቖፈ ዓውዲ ምዕባለ ስለዝኾነ። መዓሙቕ ስነፍልጠትን፡ ኣመጻጽኣ ዲናሚካዊ ምዕባሌ 19 ክ.ዘመን ኣብ ዓለም ብሓፈሻ፡ኣብ ኤውሮጳ ድማ ብፍላይ ህድአ ኢልና ድሕሪ ምድህሳስ፡ ነዚ ክም ሕሉፍ ተሞክሮ ወሲድና ምርድኡ ምእንቲ ክጥዕም፡ ኣብ ግምቦታት ክፋፈልና ክንቕርቦ ይምችእ። ሓደ ግምቦ ናይዚ ዓውዲ ምዕባሌዚ መኃዓዝያ ወሲድና ኣንተተዛረብና ክአ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ኣይመስለንን።

ጃልባ መርከብን ነፋሪትን ከምዝሰርሓ ዝገብር፡ ዝገልጽን ዝቕይድን ቅሙጥ መሰረት-ሕጊ 250 ቅ.ል.ክ ብኣርኪመደስ ዝተባህለ ግሪኻዊ ተመራማራይ ስነፍልጠት ተነዲፉ ኣሎ።ፍረ ጥቕሙ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ግን ብዙሕ መዋእላት ሓሊፉ። ሓንቲ ሽንቲላቶር ናይ ንፋስን ሓንቲ ባቡር ኣለክትሪክን ዝሰርሓሉ መሰረተ ሕጊ እውን ሓደ እዩ። ማይክል ፋራዳይ ኣብ 1832 ወዲኡ ኣብ መዝገብ ስነባህርይ ዘርጊሕዎ ኣሎ። ሰባት ተረዲኦም ክትግብርዎ ዓሰርተታት

ዓመታት ወሲድሎም። ንእብነት ባቡር ኤለክትሪክ ክትመሃዝ ዝሕግዙ ቅሙጣት መጻሕፍቲ ፈቐዶ ቤተ-መጻሕፍቲ ብፋራዳይ ተዘርጊሖም እንከለዉ ፍረ ጥቕሞም ፈሊጥካ ክሳብ ባቡር እትመሃዝ ኣስታት 50 ዓመት ጊዜ ወሲዳ፡ ተመሓይሸ ተኣማሚኑ ሰብ ክሳብ ዝጉዓዘላ ድማ ተወሳኺ 20-30 ዓመት ሓሊፉ።ኤለክሳንድሮ ቮልታ ኣብ ከባቢ 1800 ምንጪ ኤለክትሪክ ዝተወሰደት ፋልመይቲ ባተሪ ምሂዙ ነበረ።ስማንያ ዓመት ዝኣክል ብድሕሪኡ ከተማታት ኣውሮጳ ኮነ ኣሜሪካ መብራህቲ ኤለክትሪክ ዝበሃል ኣይነበሮምን። እንታይ ደኣ ነዳዲ ዘይቲን ጋዝን ጌሮም የብርሁ ነበሩ።ኣብ 1879 ቶማስ ኣልፋ ኣዲሶን ናይ መጀመርያ ኣምፑል መብራህቲ ምሂዙ ሰብ እንተሳይ ብለይቲ ብርሃን ረኺቡ ክስርሕ ክምዝኽእል ገበረ። ካብ ኤውሮጳ ኣብ 19 ክ.ዘመን ተጸኒዑ ዝተተግበረ ስራሓት ተክኖሎጂ እንቐስሞ ትምህርቲ እንተሃልዩ ቀዳማይ፡ተክኖሎጂያዊ ምዕባሌ ተብ ተብ ኢልካ ዝመጽእ ክምዘይኮነ ካልኣይ ድማ፡ብስንፍልጠት ዝተሰረተ ትኩርነትን ቀጻሊ ጻዕሪን ካብ ምምጣዋ ጊዜ ከድሕነና፡ ባህጊ ምዕባሌ ድማ ክቃላጥፍ ክምዝኽእል እዩ።

ቮልታ፡ፋራዳይ፡ማክስወል፡ህርዝ፡ኣዲሶን፡ወስቲንግሃውስ፡ ስተፈንሰን፡ ግራሃምበል፡ ኦቶ፡ ዳይምላር፡በንዝ፡ፖርሽ፡ቶዮዳ፡ማርኮኒ፡ ፖፖቭ፡ ሲመንስ፡ ተስላ፡ ፈራሪ...ወዘተ ዝበሃሉ ሃዋርያት ተክኖሎጂ ዓለምና ከም ኩላትና ንቡር ዓይንን ኣእምሮን ዝነበሮም ሰባት እዮም ኔሮም። ልዕሊ ሰብ ዕድመ ኣይተዋህቦምን። ብዘይ መጽናዕትን ስእላዊ ርድኢትን ዘይጽዓድ ጻዕርን ዓቕልን፡ ንሃገርን ኣህጉርን ይትረፍ ንውልቆም ውን ክስጉሙ ኣይምኽኣሉን።ብግብሪ ዓለም ካብ ድቕድቕ ዝበለ ጸላም ህይወትን መሪር ናብራን ሓሪሮማ። ናይ ኤለክትሪክ ብርሃን ምሂዞም ኣብ መላእ ዓለም ክምዘስፋሕፍሕ ጌሮምላ። ተለፎን፡ ሞባይል፡ ቲቪ ኮነ ኢንተርነት ምሂዞም ኣብ ቤትና ኴንና ኣብ ሙሉእ ዓለም ምስ ዝነብሩ ደቅና ኮነ ኣሕዋትና ክምንራኸብ፡ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍጻሜታት መመሪጽና ኣብ መደቀሲና ኴንና ክምንከታተል፡ ጌሮም። ኣብዚ እንታይ ዓይነት ጻዕርን ትኩርነትን ውዳበን ተሓሲፉ። እንታይከ ክንመሃር ንኽእል?

ኤርትራ እንተስልጠነት ኣብ ውሽጢቲ ስልጣነ ተሓጺንቲ ንሕና፡ እንተሀይማዕበለት ድማ ተሳቐይቲ ንሕና ኢና። ኩሉ እቲ እንምንየ ምዕባሌ ክንርኢ ስንፍልጠት ኣዝዩ ክስጉም ኣጉል እምነታት ድማ ካብ ኣእምሮና ክሽረብ ይግባእ።ነዚ ሓቂዚ ብምርዳእ ሃምናን

ቀልብናን ክርሲ ስነፍልጠት ምብርባርን ኣብ ኣገልግሎት ህዝቢ ምውዓልን ልቦና ስለዝኾነ ናይ ሕልና ዕግበት ይህበና።ኣብ 17 ክ. ዘመን ይስሓቕ ኒውቶን ዝተባህለ ተመራማሪ ¨እንፈልጦ ንግብ ዘይንፈልጦ ውቅያኖስ¨ ክብል ጕስጓሳት ስነፍልጠት ንምሕያል ሓበሬታ ሂቡ ኔሩ። ብድሕሪዚ ዝሰዓበ 350 ዓመት ዝኣክል መጽናዕቲ ተገይሩ፡ ሕግታት ባህርይ ተፈሊጡ ብፍላይ ብዅብጠታት ዝግለጽ ስነባህርይ (Quantum Physics) ምስ ተጻህሰሰ፡ ሰብ ባህርይ ኣብ ምምላኽ ይቀራረብ ምህላዉ ዘረጋግጹ ብዙሓት ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል። ዝተረፎ እንተሃልዩ ንሙሉእ ዓለምን ጠፈርን ዝገዝእን ዝቕይድን እጠቓላሊ ክልሰሓሳብ (ToE, Theory of Everything) ምርካብ እዩ። እቲ ናይ መበል 20 ዘመን ብሉጽ ሊቅ ኣይንስተይን፡ ብሙሉእ ዓቕሙ ሓደ ጠቕላሊ ስነባሕርያዊ ሕጊ ንምቕማጥ ተሓሲሉ ኣይተዓወተን። ሎሚ ውን ወረስቲ ኣይንስተይን ክም ወትሩ ዝምድናታት ባህርይ ሓደን ቀሊልን ስርዓታዊ መግለጺ ንምርካብ ዓይኖም ሰም እየበሉን።

እቲ ናዓና ዝምልከት ሕቶ እምበእር ሰረትን ምንጨ ምትእስሳራት ባህርይ ምድህሳስን ጕስጓስ ምክያድን ምስራትን፡ ዘይኮነ፡ እቲ ዝተዘርግሐ ጽሑፋት ተረዲእካ ጊዜ ከይክደ ብኸመይ ይትግበር ምፍላጥ፡ምስ ኩነታት ኣተኣሳሲርና ብኸመይ ንጥቀመሎም ወይ ኣብ ዕዳጋና ነውዕሎም ምፍላጥ እዩ።

ብርግጽ ባህርይ ብሕግታት ተኣዚዛ እያ እትኸይድ። ስለዝኾነ ኩለንትናና ሕግታት ባህርይ ምጽናዕ ይኹን።ምስ ጊዜ ከእ ኣይትቀደም እዩ።ካብ መጽናዕትን ስራሕን ከይተፈለና ንሓደ ደቂቕን ረቂቕን እርእስቲ ሙሉእን ጽጹይን ፍልጠት ድሕሪ ምዅባጥ፡ኣብ እገልግሎት ህዝቢ ምስ እነውዕል፡ እጃም ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ጌርና እሎና። ክመይሲ ተክኒካዊ ግስጋስን ዘመናዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ብኡ ኣቢልካ ድማ ርውየትን ምሉእ ቅሳነትን መላእ ህዝብና ኩሉ፡ ውጽኢት ፍረ ክርሲ ስነፍልጠት ስለዝኾነ።

ኤርትራ ብዙሓት ሞያውያንን መሃንዲሳትን ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ኣፍርያ እያ። ብስነጥበብ፡ ስነጽሑፍ፡ ሕክምና፡ ብመካኒክነት፡ ብኤለክትሪክነት፡ ምግጥጣም ሓጺነመጺን ምልሓም ይኹን ካልእ፡ እኹል ዝተዓቀበ መጽናዕትን ተሞክሮታትን ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ዝፈለመ ክርሳዕ ዘይግብኦ ኣስር

ምህዞታት ዝኾነ ተበላሓትነት ምስእንርኢ፡ብጽምኢ ዝነቐጸ ጎሮሮ ከተርክሰ ክብል ኣብ ማይ ዘይብሉ መሮር፡ ማይ ፍሒሩ ብምውጻእ ጽሙኣት ደቅና ዝኾኑ ህጻውንቲ ዘርወየ፡ ኣብ ናይ ሕክምናታት ማእከል፡ ኣብ መሪር ሰቓይ ዝርከብ ሕሙም ሕዝቢ ኮነ ተጋዳላይ፡ ኣፋውሰ ክም ፐንሲሊን ብምስራሕ ብብልሓትን ትኩረትን በርሃውታ ዝኸፈተ ኩሉ፡ መሃዚ ዝገብሮ ረቛሒታት ዝወነነ ረዚን ልቦና ዘስዎ ሓላዪ እዩ።ምህዞ ናይ ዝተሸጠ ዘይኮነ ንማሕበራዊ ህይወት ብዓይነት ክቕይር ኣለዎ። ኣብ ራሕባታትን ጋራጃትን እውን ካብዝን ካብትን ገጣጢሙ፡ መካይን ብምትዕርራይ ካብ ደገ ከይተጸበየ ዘሳለጠ፡ ሰብ እሾኽ ከይውጋእ ፋብሪካ ሳእኒ ኮነ ሰንደል ክስርሕ ዝጸዓተ፡ ድሕሪ ሃገራዊ ናጽነት ውን እንተኾነ ንድሕረትን ድኽነትን ዝተፈርደ ሰብ የለን ብምባል፡እጅግኡ ስብሲቡ ገጠራት ኤርትራ ካብ ድቕድቕ ጸላም ንምውጻእ ጥዋፍ ኮነ ናይ እለክትሪክ ብርሃን ክምዝስፍሕ፡ ሃገር ግርማ ክረክብ ብክፉት ልቢ ዘገልገለ፡ ጣሻታትን እምባታትን በቲኑ ህዝቡ ክይተፈላለየ ክነብር ብኣቋራጭ ከራኸብ፡ ድንድላት ዝስርሐ መሃንዲስ፡ኣብ እለክትሮኒክስ እንተመጻእና እውን ምስ ውሱን ክልሰ ሓሳባዊ ድሕረባይታ፡ኣብ ዜና ማዕከናትን መርበብ ሓበሬታታትን ናይ ፕሮግራም ፍታሓት ብምቕራብ ሰፍ ዘይብል ጻዕርታታት ዘካየደ ኩሉ፡ዝግባእ ኣስተዋጽኦ እናገበረ ንሃገርና ዘመናዊ መእዝን ከትሕዝ ዘገልገለ ስለዝኾነ፡ ኪኖ ክሊና ወጺኡ ምእንቲ ክወዳደር ዝያዳ ቆላሕታ ተዋሂቡ ክተባባዕ ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት እዩ።ሓደ ክርሳዕ ዘይብሉ ጉዳይ ግን ኣሎ።ኩሎም ናብ ተሞክሮ ዝዝንብሉን ናብ ክልስሓሳብ ዝዝንብሉን ሞያውያን፡ ናይ ግድን ስኒታዊን ቅርጻዊን ኣሰራርሓ የድልዮም።እዚ ከኣ እዩ እቲ ቀንዲ ደፋኢ ግስጋሴ ሃገርን ህዝብን።ቀጻሊ ስርዓታዊ ናይ ውህደት መስርሕ፡ ቀጻሊ ምምሕያሽ ከኣ ናብ ሓድሽ ርኽበት ወይ ክሳብ ዞባና ክጸሉ ዝኽእል ምህዞ ክእትወና ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ።መንእሰያት ከምቲ ብሉጽ ኩዕሶ ተጻዋታይ ንምኳን፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ምዕዛብ ዝሕግዝ ንከዋኽብቲ ምህዞታት ዓለም ቆላሕታ ምሃብ እውን ይንዋሕ ይሕጸር ሓጋዚ ድርኺትን ተጨባጢ ምዕባለን ክምዘኽትል ኣየጠራጥርን። ጽምኣት ተክኖሎጂ ብርውየት ሙሉእ ህዝቢ ንምቕያር፡ዝከኣለና ክንገብር፡እንተዘይክኢልና ከኣ ተማሂርናን እጽኒዕናን ወሳኒ ተራ ሰብ ብትምህርቲ ክነዕዝዝ ምስ እንኽእል፡ ንደቅና ባብ መጻኢኦም ኣብ ምኽፋት ግቡእ ተራና ንዳወት ምህላውና ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ህዝብታት ኤውሮጳ ኮነ ኣሜሪካ ነዚ በጺሖሞ ዘለዉ ደረጃ ምዕባሌ ምእንቲ ክበጽሑ ወንጮ እውን ተኸዲኖም እዮም። እዚ ክንብል ከሎና እንርእዮ ምዕባሌ ተክኖሎጂ ዓለም ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና ከምዘይኮነ፡ በብጭራም ዝተዋህለለ ስራሕ ምዃኑ ንርዳእ። መኪና፡ ባቡር ወይ ነፋሪት ጥራሕ ዘይኮነ መብልዒና መስተይና ንረግጾ ኮነ ንኸደኖ እውን ምስ ምፍጣር ሰብ ዘይነበረ፡ ሰብ መምሂዙ ዝቐረበልና ንብረት እዩ። ነፍሰወከፍ ምህዞ ናቱ መሰረት-ታሪኽ ኣለዎ። መብዛሕትኡ ከኣ ከም ውልዶ ቆልዓ ተወሊዱ፡ እናዓበየ ዝመጸ ብትኩርነት ዝተመልአ ጻዕሪ እዩ። መንእሰይ ሓንሳእ መሃዚ ምስ ዝኸውን ስርሑ ምህዞ እዩ። ክምህዝ ድማ ይነብር።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ምዕባይ ኮነ ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ሰነፍልጠትን ጊዜኡ ሓልዩ ደፋእ እናበለ ክተኣታቶ ዝምነዮ ተክኒካዊ ምዕባለን ትሕግዝ ትኸውን ብምባል የቕርባ ኣለኹ። ሰናይ ንባብ።

<u>ተሰፋይ ሰዩም</u>

## መዘኻኸሪ፡

- ኣብ ድሕሪዚ መጽሓፍ እዚ ዝርከብ ቅማረታት (ቀመራት formulas)ቀንዲ መበገሲታት እምበር ዝርዝር ስነሕሳብ (Mathematics) ብርዱእ ምኽንያት ክበዝሕ ኣይተደልየን።ስለዚ ኩሎም ግዱሳት ኣንበብቲ ወይ ተመሃሮ፡ መጻሕፍቲ ወይ መርበብ ሓበሬታታት እናረአዩ ፍልጠቶም ክዕምቁ የድሊ።

- ምህዞ ዝበሃል ነገር ተዛማዲ እዩ።መብዛሕትኦም ንዓለምና ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ክብጽሑ ዝኽኣሉ ምህዞታት ብወግዒ ወይ መንግስታዊ ደረጃ ክፍለጡ ስለዝኽኣሉ እዩ።እምበር ቅድሚኦም ንሕና ኢና ኣቐዲምና ዝመሃዝና ዝብሉ ብዙሓት እዮም።ንኣብነት ፈላሚ መካኒካዊ ሞቶር ዝመሃዘ፡ ናይ ኤለክትሪክ ሞቶር ዝመሃዘ ፡ተለፎን ዝመሃዘ፡ ራድዮ ዝመሃዘ፡ ኢንተርኔት፡ ብዘይካ እቶም ክም መሃዝቲ ኮይኖም ብወግዒ ዝተፈልጡ፡ እጀታይ እዩ ዝብሉ ካልኦት እውን ኣለዉ።ሓደ ሓደ ጊዜ ምህዞ ክም ብዙሓት ኣቦታት ዘለዎ ቆልዓ ናይ መን ምዃኑ ኣይፍለጥን። ስለዚ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ ኣብቶም ብወግዒ ዋንነቶም ብመንግስቲ ዝተረጋገጸ መሃዝቲ ጥራሕ ዘተኮረ እዩ።

- ዝተፈላለያ ሃገራት ዝህብኦ መግለጺ ብዛዕባ መሃዝቲ ዓለም፡ ኣብ መጻሕፍቲ ይኹን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዝበለጸ ጣቋ ናይ ሃገረን መሃንዲሳት ክበርኽ ይመርጻ። ካብቶም ካልኦት ዝገበርዎ ኣስተዋጽኦ ዝረዝን ምኽኑ ድማ ኣብ ምሕባር ይዝንብላ።ንኣብነት መኪና ኣብ ፈረንሳ እተነ ለኗር ክምዝመሃዛ ክጽሓፍ ከሎ ኣብ ጀርመን ካርል በንዝ ኣብ ኣሜሪካ ድማ ሄንሪ ፎርድ ይፍለጥ ወዘተ።ስለዚ ነቲ ብጀርመን ዝጽሓፍን ኣብ ፈረንሳ ወይ ኣሜሪካ ዝጽሓፍ ዘሎ ፍልልያት ብዘየገድስ እቲ ስራሕ በየናይ መሳልል ተበጺሑ ኣብ ዝብል ትሕዝቶ ክነተኩር ይግባእ።

እዚ ጽሑፍ እዚ ካብ ሓደ መጽሓፍ ወይ ካብ ሓደ መካነ-መርበብ ዝተተርጐመ ኣይኮነን። ካብ ብዙሕን ዝተፈላልለየን መርበብ ሓበሬታታትን መጻሕፍቲን ዝተዋሀለለ ኮይኑ ኣተኣሳሲረዮ ኣለኹ። እቲ ዋና ነገር በቶም ዝተገብሩ ፍጻሜታት ጌርካ ትምህርቲ-ሓዘል መልእኽቲ ምሕላፍ እዩ።ካብ ዳ-ቪንቺ ጀሚርካ ክሳብ ኣይንስተይን ዝነበረ ቀንዲ ዝላታት ምዕባለ ወዲ ሰብ ኣብ ጽላት መንዓዝያ ጸሚቔ ንምቕራብ ፈቲነ።ነዚ ንምንጽጻር ድማ ናይ መብዛሕትኡ ቅዳሓት ኣድራሻታት መካነ-መርበብ መብዛሕትኡ ዊኪፐድያ (ፍጡን ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝርከበሉ ስለዝኾነ) ኣብ ናይዚ መጽሓፍ መጠረስታ ገጻት ይርከብ። እዚ ምንጪ ኣድራሻታት እዚ መብዛሕትኡ ካብ ቋንቋ

ጀርመን ስለዝተተርጐመ፡ መብዛሕትኡ መካነ-መርበባት ብቋንቋ ጀርመን ኢና ከነንብቦ እንኽእል። ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ዝተተርጐመ እውን እሎ ግን ውሑድ ምኽኑ ክሕብር ይፈቱ።

-ምንጪ መካነ መርበብ ብልክዕ ንምርካብ፡ ሓበሬታ ከረጋግጽ ወይ ፍልጠቱ ክዕሙቕ ዝደሊ እንባቢ ኩሉ፡ እዚ ዝስዕብ መርሓ ሕንጻጽ ክኽተል ይላቦ፡

ሀ. ኩሉ መካነ መርበብ ምስቲ እርእስትታት ዝተሓሓዝ ቁጽሪ ተገርዎ እሎ።

ለ. ኩሉ * ኮኸብ ከም ጥብቆ ምስ ዝሀልዎ ናይ ስእልታት ሓበሬታ ምኳኑ ይሕብር።ንእብነት 2.5* እብ እርእስቲ ቁ. 2.5 ዝርከብ ሓበሬታ ስእሊ የመልክት።

ሐ. ኮኸብ * ከም ጥብቆ ዘይብሉ ግን መብዛሕትኡ ናይ ጽሑፍ ምንጪ እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ስእሊ ዝተሓወሶ ክኸውን ዝኽእል ምኳኑ ከዘኻኽር ይፈቱ።

# ትሕዝቶ

## ምዕራፍ 1

### ፈለምቲ ጀላቡ መጓዓዝያ፡

1.1 ጀላቡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ከባቢን፡
1.2 ጀላቡ ኣብ ካልእ ኣህጉር፡
1.3 እጃም ፖርቱጋልን ስፓኛን ኣብ መጓዓዝያ ባሕሪ፡

## ምዕራፍ 2

### ጃልባ ወይ መርከብ ከይጠሓለት ከተንሳፍፍ ዝኽእል መትከላት ስነፍልጠት፡

2.1 ብልሓት ኣርኪመደስ ብሓፈሻ፡
2.2 ቀንዲ ትሕዝቶ መትከል ኣርኪመደስ፡
2.3 መትከል ኣርኪመደስ ኣብ ኣየር፡
2.4 ሕግታት ምንቅስቓስ፡ ወይ ሕግታት ክላሲካዊ ስነባህርይ (ፊዚክስ) ወይ ሕግታት (እንግሊዛዊ)ይስሓቕ ኒውቶን ፡
2.4.I. ሀ. ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን፡ ናይ ህድኣት ሕጊ፡
2.4.I. ለ. ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን፡ ናይ ህድኣት ሕጊ፡
2.4.II. ካልኣይ ሕጊ ኒውቶን፡
2.4.III. ሳልሳይ ሕጊ ኒውቶን፡መትከል ግብሪን ግብረመልስን ወይ መትከል ሓድሕዳዊ ምጽልላው፡
2.4.IV ራብዓይ ሕጊ ኒውቶን፡ ናይ ሓይልታት ምምስቓል፡
2.5 ምዕባለ መካኒካዊ ኢንዱስትሪ ድሕሪ ኒውቶን፡

## ምዕራፍ 3

### መበቆል መንኮርኮር፡

3.1 ምህዞ መንኮርኮር፡ብርዒ ታሪኽ፡
3.2 ጊዜ ቀዲሞም ዘቑምቱ መስተውዓልቲ፡
3.3 ምህዞ ብሃፋ ዝድፋእ (ዝዝወር) ሞቶር፡
3.4 መጓዓዝያ መጽዓኛ፡
3.5 ድርቂ ኤውሮጳ፡ ቅድመ ኩነት ምህዞ ብሽግሌታ፡
3.6 ምህዞ ሞቶ፡

## ምዕራፍ 4

## ምህዞ ባቡር ሃፋ፡

**4.1** ሞቶር ሃፋ ከመይ ይሰርሕ?
**4.2** ብሃፋ ዝዘውር ሞቶርን፡ ልደት ባቡር ሃፋን፡
**4.3** ምስፍሕፋሕ ባቡርን ፡መንገዲ ባቡርን ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡
**4.4** ፈለምቲ ምንዓዝያ ባቡር ሃፋ፡ ኣብ ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራትን፡
**4.5** ንውሓት መንገዲ ባቡራት፡ ካብ 1835-1885 ኣብ ኤውሮጳ፡
**4.6** ዓይነት ድፍኢት ባቡራት፡
4.6.1 ብሃፋ ዝዞራ ባቡራት፡
4.6.1.1 ባቡራት ጥልቂይ ሃፋ፡
4.6.1.2 ባቡራት ሽሉቕ ሃፋ፡
4.6.1.3 ትኪ ዘይብለን ባቡራት፡
4.6.1.4 ብተርባይን ዝድፍኣ ባቡራት ሃፋ፡
4.6.2 ብኻልእ ዓይነት ጸዓት ዝድፍኣ ባቡራት
4.6.2.1 ብበንዚና፡
4.6.2.2 ብናፍታ ወይ ናፍታን ኤለክትሪክን፡
4.6.2.3 ብጋዝ-ተርባይን ዝድፍኣ ሎኮሞቲቭ፡
4.6.2.4 ብኤለክትሪክ ሞቶር ዝሰርሓ ባቡራት፡

## ምዕራፍ 5

## ምህዞ ሞቶር ብነዳዲ፡

**5.1** ሞቶር ብነዳዲ ኣየር (ጋዝ)፡
**5.2** ምንጪ ጉልበት ሞቶር፡ እንታይ እዩ?
5.2.1 ምጽያ ኣየር፡ ወይ ምስሓብ ኣየር፡
5.2.2 ጽቕጠት ኣየርን ነዳዲን (ምጭባጥ ምጭብባጥ)፡
5.2.3 ምንጪ ጉልበት፡ዙረት ሞቶር፡
5.2.4 ጉሕፈት ትኪ፡
**5.3** መካይን ሞቶር በንዚና፡ ኣብ ጽርግያ፡
**5.4** በርታ በንዝ፡ ቀዳመይቲ ዘዋሪት መኪና ኣብ ዓለም፡ ቤተ መድሃኒት ጀርመን፡ ፈላሚት መዐደል ነዳዲ ኣብ ዓለም፡
**5.5** ድሕሪ ምምሃዝ መኪና ዝሰዓባ ቀዳሞት ኣፍረይቲ፡ ኩባንያታት መካይን ኣብ ጀርመን፡

5.5.1 ኦፐል (ሩሰልስሃይም 1862)፡
5.5.2 ቢ. ኤም ዳብልዩ (ሙኒክ 1916)፡
5.5.3 ፖርሽ (ስቱትጋርት 1931)፡
5.5.4 ቮልክስዋገን (ዎልፍስበርግ 1937)፡
5.6 ቀዳሞት ኩባንያታት ኣብ ፈረንሳ፡
5.6.1 ፔጆ (ፓሪስ 1810)፡
5.6.2 ሬኖ (ቢ.ላንኮርት 1899)፡
5.6.3 ሲትሮን (ፓሪስ 1919)፡
5.7 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ጥልያን፡
5.7.1 ፊያት (ቱሪን 1899)፡
5.7.2 ኣልፋ ሮመዮ (ሚላኖ 1910)፡
5.8 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ኣሜሪካ፡
5.8.1 ፎርድ (ዲትሮይት 1899)፡
5.9 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ጃፓን፡
5.9.1 ቶዮታ (ኮሮሞ 1937) ቅድም ኮሮሞ እትበሃል ዝነበረት ከተማ፡ ሎሚ ግን ቶዮታ ትበሃል ኣላ፡ ስለምንታይ ?
5.10 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ እንግሊዝ፡
5.11 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ሶቭየት-ሕብረት-ነበር፡
5.11.1 ጋስ (ጎርኪ 1932) ትካል መካይን ጎርኪ፡
5.11.2 ኣውቶቫስ (ቶልያቲ 1966) ትካል መካይን ቮልጋ፡
5.12 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ደቡብ ኮርያ፡
5.12.1 ኪያ (ሶውል 1944)፡
5.13 ቀዳሞት ኩባንያታት መካይን ኣብ ቻይና፡
5.14 ካልኦት ሃገራት፡

## ምዕራፍ 6

## ናይ ስራሕ ማሽናት፡

6.1 ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን፡
6.2 ኣውቶቡሳት፡
6.3 ትራክተራት፡
6.4 ካተርፒላር፡
6.5 ታንክታት፡
6.6 ምድረ-ማያዊት መኪና፡

## ምዕራፍ 7

## ድሕረባይታ ባቡር ኤለክትሪክ፡

7.1 ምንጪ ጉልበት ባቡር ኤለክትሪክ፡
7.2 ንኸትኣምኖ ዘጸግም፡ መርሓው ተክኖሎጂ ዝኾነ ደቂ ቅ ትዕዝብቲ፡
7.3 ኳረንቲ ኣብ ጥምጣም መስመር ዝህበና፡ ትሪ ማግነታዊ ክሊ፡
7.4 ዋልታታት ናይ ኤለክትሮማግነት፡ ብኸመይ ንረኽቦ?
7.5 ቅድሚዚ ክህልወና ዘለዎ ተክኒካዊ ስረት፡
7.6 ዕብላለ ብረታዊ ማግነት ብኤለክትሮማግነት፡
7.7 ደልሃመት ክቕንጥጡ ዝዓለሙ ነገስታት ስነፍልጠት፡
7.8 መትከላት ኤለክትሮማግነታዊ ዙረት፡ ኤለክትሮማግነታዊ ምንጫወ፡ መስርሕ ምዝያድ ምንካይን ዝርጋሐን ጽዓት፡
7.9 ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን፡ ዓይነትን ኤለክትሪክ ሞቶር፡
    7.9.1 ብቐጥታዊ ኳረንቲ ዝዕንገል፡ ኤሌ.ሞቶር፡
    7.9.2 ብተለዋዋጢ ኳረንቲ ዝዕንገል፡ ኤሌ.ሞቶር፡
    7.9.3 ብቐጥታዊን ተለዋዋጢን ኳረንቲ ዝዕንገል ኤለክትሪክ ሞቶር፡
    7.9.4 ስፍሓት ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ሞቶር፡

## ምዕራፍ 8

## ምህዞ ፈላሚት ባቡር ኤለክትሪክ ዓለም፡

8.1 ኣድማዒ ተበግሶታት ኤለክትሮ-ሎኮሞቲቭ፡
8.2 ጸገም መላግቦታት፡
8.3 ካልእ ዝሰዓበ ወሰኽ ተክኒካዊ ፍታሓት፡
8.4 ዘመናዊ ጉልበት ሞቶር፡ ባቡር ኤለክትሪክ ዓለም፡
8.5 ኣጠቓላሊ ስእሊ፡ ፈለማን ሎሚን ምዕባሌ ባቡር ኤለክትሪክ፡

## ምዕራፍ 9

## ምንጭታት ሓደጋ ኣብ ስርዓት ኤለክትሪክ፡

9.1 መሰረታዊ ጠንቅታት፡
9.2 መሰረታዊ ጥንቃቐታት፡

## ምዕራፍ 10

### ምህዞ መጓዓዝያ ብትሕቲ ባሕሪ፡

10.1 ሳብመሪን ከመይላ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ጸብለል ትብል? ንታሕቲ ትንቁት ወይ ንላዕሊ ትወጽእ?
10.2 ኣስራርሓ ሳብመሪን፡
10.3 ባሕረኛታት ኦክስጅን ኣብ መዓሙቕ፡ ባሕሪ ብኸመይ ይዕንገሉ?

## ምዕራፍ 11

### ምህዞ ዘንባይት ባቡር ማግነት፡

11.1 ስለስተ ኣጸብዕቲ፡ መኣዝን ዘንባይት ባቡር ማግነት ከሕብር? ሓቂ ድዩ?
11.2 ኣጠቓላሊ ስእሊ፡ፈለማን ሎሚን ምዕባሌ ዘንባይት ባቡር ማግነት፡

## ምዕራፍ 12

### መርከብ ኣየር፡

## ምዕራፍ 13

### ነፈርቲ ዝመሃዙ ቸክሊስታ፡

13.1 ታሪኽ ህይወት መሃዝቲ ነፋሪት ዓለም ብሓጺር፡
13.2 ነፋሪት ከመይ ኢላ እያ ክትነፍር እትኽእል?
13.3 ድሕሪ ምምሃዝ ነፋሪት ዝማዕበላ ኩባንያታት ነፈርቲን መንገዲ ኣየርን፡
   13.3.1 ፍራንክፈርት ጀርመን፡ፈላሚ ኣየርመንገዲ ናይ ዓለም፡
      13.3.1.1 ደላግ DELAG፡
   13.3.2 ሕ.መ.ኣ፡
      13.3.2.1 ኩባንያ ቦይንግ፡
   13.3.3 ሕብረት ሶቬት (ነበር)፡
      13.3.3.1 ኣየሮፍሎት፡
      13.3.3.2 ኣንቶኖቭ፡
   13.3.4 ፈረንሳ፡
      13.3.4.1 ኣየር ፍራንስ፡

13.3.5 ቻይና፡

13.3.5.1 መንገዲ ኣየር ቻይና፡

13.3.5.2 ደቡባዊ መንገዲ ኣየር ቻይና፡

13.4 ብጸሓያዊ ጸዓት ዝበራ ነፈርቲ፡

## ምዕራፍ 14

## መጓዓዝያ ሰማይ (ጠፈር)፡

14.1 ትርጉም ፕሮጀክትን ፈለምቲ ተበግሶታትን፡

14.2 ምህዞታት ሳተላይት፡

14.3 ሰማይ ሰማይ ስለምንታይ?

14.3.1 ጕስጓስ፡

14.3.2 ቱሪስም፡

14.3.3 37 ዓመት ካብ መሬት ብምብጋስ ኣብ ምውርዋር እትርከብ፡ሓባሪት ተኽእሎታት ጠፈር፡

14.3.4 እምነ ኩርናዕ መጓዓዝያ ጠፈር፡

## ምዕራፍ 15

## ጉዕዞ እግሪን መጓዓዝያ ዘመናዊ ተክኖሎጂን፡

15.1 ፍጥነት ኣጋር፡ መጓዓዝያ መሬትን ሰማይን፡

15.2 ምህዞ ሂሊኮፕተር፡

15.3 ምህዞ ሓምባሲትን ነፋሪትን መኪና፡

## መደምደምታ፡

- ሀ ሓፈሻዊ ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝጥቀማሉ ዓይነት፡ዓቐን ጸዓትን ቦታን፡
- ለ ሞደላት ናይ ኣብዚ መጽሓፍ ተጠቒሰን ዘለዋ ቀዳሞት መካይን ዓለም፡
- ሐ ብናይ ሓባር ኩባንያታት መሰረት፡ ኣፍረይቲ መካይን ዓለም ኣብ ቻይና፡
- መ ቃላት ትግርኛ ብቛንቋ እንግሊዝ፡
- ሰ መወከሲታ ቅማረታት ተክኒክ፡
  - i. ክላሲካዊ መካኒክ፡
  - ii. ኤለክትሮማግነት፡

iii. ኣለክትሪካዊን ማግነታዊን ክሊታትን፡ ናይ ቅማረታት ተመሳሳልነትን፡
iv. ንእግሪ መንገድና ብሳይንስ (ስነፍልጠት) ንዝመራመሩ ተመሃሮ፡

- ሸ ኣፍረይቲ ጎማታትን መቀያየሪ ኣቕሑት መካይንን ዓለም፡
- ረ መካነ መርበባት፡ (Webseits)

# ምዕራፍ 1

## ፈለምቲ ጀላቡ መጓዓዝያ፡

ሰብ ካብ ዝፍጠር ኣትሒዙ፡ እግሩ ቀዳማይ መጓዓዝያኡ ምንባሩ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ኣብ ውሱን ቅርበት ዘለዎም ከባቢታት ከሳብ ዝተንቀሳቐሰ ከኣ እግሩ እኹል ኣገልግሎት ነበሮ። ይኹንምበር ጉዕዞኡ ርሕቀት ምስ ወሰኸ፡ መጠን ድኻምን ድሩትነት ዓቕምን ዕቤትን እናተቖያየሩን እናተመሳቐሉን፡ ሓገዝ መጓዓዝያ ንምርካብ ከፈታትን እዋናዊ ሕቶ ኮነ። እንስሳ ዘገዳም ዝኣመሰሉ ከም መጽዓኛ ብምውጣሕ ሰብ ነዊሕ መንገዲ ከሕጽር፡ጉዕዞ ከቃልል ስለዝኸኣለ፡ ብኸምዚ ዓይነት መጓዓዝያ ነዊሕ እዋናት ከም ልምዲ ወሲዱ ይጕዓዝ ነበረ። ክሳብ ፍረምረ ዝብላዕ ዝረኸበ፡ ኣብ ማይን ቀላይን ዝርከቦ ቦታ ዝተቐመጠ ተዛማዲ ዕግበት ነበሮ።ቁጽሪ ሰብ ውሑድ ዝነበረሉ፡ኣብ ክፍለ-ዓለማት ዘይኮነ፡ኣብ ማይ-ቤታት ተኸፋፊሉን ኣዝዩ ተፈናቲቱን ይነብር ኣብ ዝነበረሉ ደረጃ ሕብረተሰብ እዩ። ማይ ዘይርከቦ ቦታ ምስ ዝኸውን ኣብ ጥቓ ፈለግ ወይ ባሕሪ ምንባር ዝበለጸ ምርጫ ኮነ። እቲ ህይወት ኣብ ጥቓ ፈለግ ወይ ባሕሪ እናተለምደ ምስ ከደ እምኒ ኣብ ባሕሪ ዝጥሕል፡ ዕንጸይቲ ግን ዘይጥሕል ነገር ምዃኑ፡ ምስትውዓሉ ካብ እንስሳ ዝወርጸጸ ፍጥረት ገበሮ።ኣብ ቅርብ ዝበሉ ቦታታት ቀላይ ወይ ባሕሪ ሻምብቆታትን ቆርበትን ኣሳጊብካ ጉዕዞ ብምጅማር ደጋጊሙ ምስ ለመደ ከም ንቡር ዓይነት መጓዓዝያ ተወሰደሞ እቲ ልምዲ ማዕበለ። ፈልሲ ናይዚ ሎሚ ንዓለም ናብ ቁሸት ዝቐየረ ስርዓተ መጓዓዝያ ኣብዚ ጊዜዚ እዩ ጀሚሩ ተባሂሉ ድማ ይግለጽ። እዋኑ ፍልማዊ ደረጃ ሕብረተሰብ ዝነበረሉ መዋእል እዩ።ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ካብ ኣፍሪቃ ናብ እስያ ንመጓዓዝያ ዝኾና ጀላቡ ከምዝነበራ፡ኣብ ክረተ (Crete) እትበሃል ደሴት ግሪኽ፡ ሰብ ጀላቡ ሰሪሑ ይግልገል ከምዝነበረ ዝጠቕሱ፡ ናይ ቦታ ልእሊን ናይ ጊዜ ሰሌዳን ዘይርከቦም ንምርግጋጾም ዘሸግሩ ሓበሬታታት እለዉ። ሰብ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ረኺቡ ካብ ዝኣመኖም ግን ቅድሚ እስታት45-50 ሽሕ ዓመታት ኣቢሉ ዝገማገም ጊዜ ይኸውን፡ ሆሞሳፒየን ዝብሃሉ ጥንታውያን ሰባት ካብ ደቡባዊ ምብራቕ እስያ 100 ኪ.ሜ ዝኸውን ርሕቀት ኣውስትራልያ ብባሕሪ ከሰግሩ ፈተነታት መጓዓዝያ ካብ ዝገብሩ።ሓምቢስካ ምስጋር ዘሐርብት እዩ ዝነበረ።ጉንዲታት ብምጭባጥ ሻምብቆታት ቆርበት ኮነ ላኻ ብምእሳርን ብምልጋብን፡ ከምኡ ውን ሓደ ሓደ ጊዜ ረጒድ ጉንዲ ብምፍሓቑ፡ ኣብ ርእሲኡ ብምውጣሕ ሰሰል እናበሉ ባሕሪ ሰንጢቖም ብምንስፋፍ፡ ናብ

ኣውስትራሊያ ምእታዎም ናይ ሽዑ ነዊሕ ዘይውዳእ ዝመስል ዝነበረ ጉዕዞ ክበጽሑ ምስ ከኣሉ፡ናይ ህይወቶም ሩፍታ ከም ዝፈጠረሎም መጽናዕቲ ታሪኽ መጓዓዝያ ዓለም ይሕብር።እዞም ሰባት እዚኦም ቀዳሞት ባሕረኛታት ዓለም ተባህሉ።እተን ሒዘንኦም ዝሰገራ ጀላቡ ድማ ናይቲ እዋን እቲ ቀዳሞት ምህዞ መጓዓዝያ ዓለም ኮይነን ቀየስቲ ናይተን እናተመሓየሻ ዝመጻ ዝነበራ ጀላቡን መራኽብን ምዃነን ተመራመርቲ ይሰማምዑ።

ነዊሕ መዋእላት እዩ ሓሊፉ፡ ነዮሊቲካዊ ሰውራ ተባሂሉ ዝግለጽ 10000 ቅ.ል.ክ ጀሚርካ ዝነበረ ዘመን ሰባት ተጠርኒፎም ከብቲ እናራብሑ፡ እናሓረሱን ምንባር ካብ ዝጅምሩ።ብድሕሪዚ ኣብ ሞንጎ 8200-7600 ቅ.ል.ክ ከምእተሰርሐት እትግመት ተፋሒራ ዝወጸት ጃልባ ኣብ ሆላንድ ቤተ-መዘክር ኣዘን ዝበሃል ቦታ ትርከብ ኣላ።



ናይ ጥንቲ ሰባት (ሆሞ ሳፒየን) ካብ ደቡባዊ ምብራቕ እስያ ናብ ኣውስትራልያ ንመጓዓዝያ ይጥቀሙለን ካብ ዝነበሩ ጥማር ጉንዲታት ንምርኣይ ዝወጸ ስእሊ 01*



ኣብ ሞንጎ (1422-1411) ቅ.ል.ክ ኣብ ጥንታዊት ምስሪ ዝነበራ ጀላቡ
ዘርኢ. ስእሊ 1.1.2*

## 1.1 ጀላቡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ከባቢን፡

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዘመነ ፈርዖናት ምስሪ ድማ ብፍላይ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣህዛብ ዓሚቕ ዕንጸይቲ ብምጽራብ ጀላቡ ኮነ ምዕቡላት መራኽብ ናይ ምስራሕ ልምዲ ከምዝነበሮም ይትረኽ።ካብ 5000ቅ.ል.ክ ጀሚሩ ኣብ ምድረበዳ ኑብያ (ሎሚ ሱዳን) ናይ ምስራውያን ስርሓት ዝርከብኦን ጀላቡ ከም ዝነበራ ጽሑፋት ይሕብሩ።እተን ፈለምቲ ጀላቡ ናይ ጥንታዊት ምስሪ መብዛሕትኡ ጊዜ ብተሪር ወረቐት፡ ቆርበት ሸምብቆ ኮነ ዕንጸይቲን፡ገመድን ዝተሰንዓ ነበራ።ሓንቲ ኣረጊት ጃልባ 5000ቅ.ል.ክ እተገልግል ከም ዝነበረት ትግመት ኣብ ቤተ መዘክር ኩወይት ትርከብ።ካልእ እውን ካብተን ፈለምቲ መራኽብ ናይ ጥንታዊት ምስሪ እትውሰድ፡ብግቡእ ተዓቂባ ከባቢ 2600 ቅ.ል.ክ ከምእተሰርሐት ዝእመነላ፡44ሜተር ንውሓት 6ሜተር ድማ ጐኒ ዘለዋ ኣብ ጥቓ ስርሓት ፒራሚድ ጊዛ ዝበሃል ቦታ ኣብ ምስሪ ትርከብ።ርእሰ ከተማ ናይ ጥንታዊት ምስሪ ኣብቲ እዋንቲ መንፊስ ትበሃል ነበረት።ካብዛ ከተማዚኣ ድማ ካናል ተሰሪሑ ጀላቡ ፒራሚድ ንምስራሕ ዝጠቅም ኣቕሑት ተሰኪመን፡ናብታ ጊዛ እትበሃል ከተማ ይጉዓዛ ነበራ።

ኣብ ምስሪ ዝተሰርሓ ጀላቡ መጀመሪያ ፈለግ ኒል ክንቀሳቐሳ እንከለዋ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ዝተወሰና ነበራ።ዳሕራይ ካብኡ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ሰጊረን ኣገልግሎተን ኣብ ገማግም ናይቲ ባሕሪ ከስፍሓ ከኣላ። ዋሕዚ ፈለግ ኒል ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን ስለዝውሕዝ፡ መጀመርያ ብዘይ ናይ ንፋስ ሓገዝ ብቐሊሉ ክንሳፍፋ ይኽእላ ነበራ። ክምለሳ ከለዋ ግን ዓቐብ ስለዝኾነ ብጉልበት ሰብ ማይ እናቐዘፍካ ክምለሳ ነበረን። ጉልበት ሰብ ጌርካ ነዊሕ ጉዕዞ ግን ስለዘይከኣል፡መፍትሒ ምንዳይ

ግድነት ነበረ።ሓይሊ ንፋስ ከትጥቀም ድማ ከም **ተሞክሮ** ቀዳማይ ኣማራጺ ኮነ። ንፋስ ከምቲ ኣብ ፈለግ ኒል ዝተገብረ **ተሞክሮ**፡ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ስለዝነፍስ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እውን **ጀላቡ** ብሓገዝ ንፋስ፡ብጋንጽላ ከጕዓዝ ጀመረ። ምጻእ ከይበልካዮ ዝመጽእ ኪድ ከይበልካዮ ዝኸይድ ጊዜ ድማ ስርሑ ስለዘይገድፍ፡ እቲ **ጊዜን** መዋእልን ምዕዛሩ ኣይተረፎን። ጀላቡ ከአ እናዓበያ ናብ መራኽብ ብምቕያር ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ካላብ ንግድን ናይ ባሕሪ ውግእን ዝኣክል ነጢፈን ይሰርሓ ነበራ።

ኣብ ከባቢ 2500 ቅ.ል.ክ ፈርያናት ምስሪ ንንግዲ ክኸና ኢሎም እናዓበያን እናተመሓየሻን ዝኸዳ ጀላቡን መራኽብን ብምስራሕ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ከም ሶሪያ ከምኡ ውን ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ኑብያ (ሱዳን) ሶማልያን የዋፍሩወን ነይሮም እዮም።ካልእውን ኣብ መስጶታሚያ (ሎሚ ዒራቕ) ኣብ ቦታታት ከም ፈለግ ቲግሪስን ኢፍራጥስን ኣዝየን ዓበይቲ በሊሕ ጫፍ ዝነበረን መራኽብ ከላብ 1200 ቶን ዝጾዓና እብ በዓል ቀይሕ ባሕሪ ኒልን ማእከላይ ባሕሪን ይመላለሳ ከም ዝነበራ ይፍለጥ።

## 1.2 ጀላቡ ኣብ ካልእ ኣህጉር፡

ልዕሊ 2000 ቅ.ል.ክ ይኸውን ኣብ ጃንግ ሻዎ (ቻይና)፡ መርከብ ተሰሪሓ ተገልግል ከምዝነበረት ጭቡጣት ሓበሬታታት ኣሰዉ። ቀስ ብቐስ ዝተመሓየሻ መራኽብ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዓስም እናስፋሕፍሓ ኣብ ንግዳዊን ወተሃደራዊን መዳያት ጨናፍር ኣገልግሎት እናገበራ ከዳ።ኣብ ከባቢ 750 ቅ.ል.ክ ግሪኻውያን ንሲሲልያ ሒዞም ክቕመጡዋ ምኽእሎም ሓይሊ ባሕሪ ግሪኽ ከላብ ክንደይ ዓቢ ምንባሩ ንምርዳእ ኣየጸግምን። እዚ ከላብ 480 ቅ.ል.ክ ክጸንሕ ዝኸእለ ታሪኽ ሓይሊ ባሕሪ ግሪኽ ዓበይቲ መራኽብ ብምውናን፡ ኣብ እስያ ከይተረፈ ንብዙሕ እዋናት ባሕረኛታት ዘጸገመ ሞንሱን ዝተባህለ ሓያልን ሓደገኛን ማዕበል ከምዝበድሀ ይፍለጥ።እቲ ናይ መጀመርያ ሓይሊ ባሕሪ ሮማውያን እውን ብግዲኡ ካብ 300 ቅ.ል.ክ ኣትሒዙ ዓበይቲ መራኽብ ብምስራሕ ኣኽሊ ካብ ስግር ባሕሪ እናሸመተ ናብቲ ስርዓት እናእተወ ከላብ እስታት 255 ድ.ል.ክ ብምጽናሕ ማዕቢሉ ነበረ። ከላብ 600 ድ.ል.ክ ድማ ዝሓየለ ሓይሊ ባሕሪ ኮይኑ ጸንሐ። ብስፍሓቱ እናዓበየ ምስከደ ድማ ሙሉእ ማእከላይ ባሕሪ ክቆጻጸር ዝኽእለ ደርማስ ሓይሊ ናይቲ ከባቢ ኮነ። ኣብ ጊዜ ሮማውያን ብጠቕላላ 300 ዝኾና መራኽብ ኣብ ዓመት 300,000 ቶን እናጸዓና ካብን ናብን ህንዲን ከባቢኣን ናይ ንግዲ ንብረት የመላልሳ ከምዝነበራ ይንገር።

ዘመናት ከም ሓዊ ሽባዕባዕ እናበለ ይብቆጽ። መራኽብ ድማ ብግዜኡ እናማዕበላን እናተሓደሳን ኣብ ሰሜን ኤውሮጳ፡ ኣብ እስያ ይኹን ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ንግዲን ቁጠባዊ ዕብየትን ከምኡ ውን ኣብ ውግኣት ባሕሪ ዓቢ ተራ ይጻወታ ነበራ። ኣብ ኣፍሪቃ እውን ህዝቢ ሶማሊያ ካብ ዚምባብወ ክሳብ ማእከላይ ኣፍሪቃን ታንዛኒያን ንጡፍ ናይ መራኽብ ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ይገብር ከም ዝነበረ ታሪኽ ምዕባለ ንግድን መጓዓዝያን ይገልጽ።



ኣብ ሚንግ (ዳይናስቲ) 1368-1644 ድ.ል.ክ ጥንታዊት ቺና ዝሰርሑወን ንጋውስ ምስ ዓሳክሮም ዘገልግላ ናይ ዝነበራ ጀላቡ ዘርኢ ስእሊ 1.2.1*



1.2.2* ተቐቢራ ዝነበራ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ዘመን ተፋሒራ ዝወጸት ናይ ጥንቲ ጃልባ 1.2.3*

## 1.3 እጃም ፖርቱጋልን ስፓኛን፡ ኣብ መጓዓዝያ ባሕሪ፡

ክሳብ እዋን ተሃድሶ መራኽብ ብተዛማዲ ኣሰራርሓኣን ድሑር እዩ ኔሩ። 1418ድ.ል.ክ ፖርቱጋል ቤት-ትምህርቲ ሓይሊ-ባሕሪ ብምኽፋት ኣብ ዝተሓልፈ ተሞክሮታት ብምምርኳስ፡ ነቲ ውህሉል ውርሻታት

መጕዓዝያ ባሕሪ፡ ግቡእ መጽናዕቲ እናገበረት፡ሓደጋታት ምእንቲ ክውሕድ ስነፍልጠታዊ መኣዝን ብምትሓዝ፡ ሓድሽ ፍልስፍና መጓዓዝያ ባሕሪ ከተተኣታቱ ጀመረት። እዚ ሕደሳታት እዚ ዝዓበየ ጉልበት ዘለወን ርሑቕ ዝጕዓዛ ክሳብ 1000 ቶን ዝስከማ መዓሙቕ ባሕሪ ብዘይ ስኽፍታ ዝሰግራ መራኽብ ብምስራሕ ሰፍ ዘይብል ኣስተዋጽኦ ግስጋሴ መጓዓዝያ ባሕሪ ገበረት።ኩለን እተን ናይቲ ጊዜቲ መራኽብ ግን ብንፋስ ዝድፍኣ ነበራ። ውጽኢት ናይቲ ኣብ ድሕነት ሰባትን ዕብየት መራኽብን ዝተገብረ ምምሕያሻት ከኣ ብግብሪ ተፈተነ።ፖርቱጌዛውያን ብዕቱብ ምትእምማን ውቅያኖሳት ክሰግሩ ከኣሉ። ኣብ 1460 ሴራልዮን ትበሃል ኣፍሪቃዊት ሃገር ዳህሲሶም ክበጽሑ ምብቅዖም ሓድሽ ክስተት ምዕባለ መጓዓዝያ ባሕሪ ስለዝነበረ ጸብለልትነት ተሰምዮም። ድሕሪ 28 ዓመት መራኽቦም ዝያዳ ብምሕዳስ ኣዋፌሮም እናንሳፈፉ ዘይውዳእ ርሕቀት ደቡብ-ኣፍሪቃ በጽሑ።ዓዲ ወርቂ ኣልማዝን ሉልን ብምርካቦም ዓለሉ ኣኹደዱን ደበሉን።



ሓደጋታት መጓዓዝያ ባሕሪ ብጀላቡ እናሰንጠቕካ 02*



ሀ.



ለ.

ሀ.ሳንታ ማሪያ እትበሃል መርከብ ናይ ክሪስቶፈር ኮሎምቡስ 1.3.1*

ለ. ክሪስቶፈር ኮሎምቡስ 1451-1506 1.3.2*

መላእ ዓለም እውን ክንዞራ ኢና ብምባል ካብቶም ዓለም ዝዞሩ ቀዳሞት ክኾኑ ናይ መጻኢ ምንዮቶም ኮነ። ጉዕዞ ብጋንታታትን ጉጅለታትን መራኽብ እናተራእእኻን እናተሓጋገዝካን ኮነ። በቲ ዝነበረ ናይ ርኽበታት ውድድር ክሪስቶፈር ኮሎምቡስ መበቆሉ ጣልያን እውን፡ ስጳኛ ኮይኑ ነዊሕ ምቅርራባት ድሕሪ ምግባር ኣብ 1492 ኣካል ናይ ህንዲ ትውስድ ዝነበረት ቺና ክድህስስ ብምባል እናምበልበላ ዝኸዳ መራኽብ ሒዙ ንምዕራብ ተመርቀፈ።ሓድሽ ናብ ህንዲን ቻይናን ዝወስድ ምዕራባዊ መስመር እዩ ኢሉ ስለዝእመነ መስተርሆት ፈጠረሉ። ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ከእ ዘይተጸበዮ ሓድሽ መሬት ረኸበ። ኣካል ናይ ህንዲ ትውስድ ዝነበረት ቻይና ዝረኸበ ኮይኑ ተሰምዖ። ከም ረኺብ ሓድሽ መሬት ሓድሽ ግዝኣት ሓድሽ ሃብቲ ተቘጺሩ ድማ ናይ ዓወት ኣኽሊል ደፍአ። ብድሕሪዚ እዚ ክፍለዓለምዚ ዝተፈላለየ ስም ተዋህበ። ሓንሳብ ሓድሽ ዓለም ሓንሳብ ድማ ምዕራባዊ ዓንኬል ተባሂሉ ክጽዋዕ ጀመረ።ንክብረት ሓደ ኣመሪጎ ቨስፑቺ ዝተባህለ ገማግም ደቡብ ኣሜሪካ ኣማዞናን መራኽቢታቱን መጽናዕትታት ዝገብር ዝነበረ ጣልያን ተባሂሉ እቲ ክሳብ ሽዑ ዝነበረ መጸዋዕታታት ናይቲ መሬት ተሪፉ ካብ መጀመርያ 16 ክ.ዘመን ንድሕሪት ኣሜሪካ ዝብል ስም ተዋህበ። ስፓኛውያን እዋኑ ዓቢ ናይ ርኽበት ቅንያት ስለዝነበረ ወርቃዊ መዋእል ክፊትና ኢና፡ ናይ ዓለም ደርማስ ሓይሊ ኴንና ኢና ብምባል መለኸት ዕንደራታት ኣስምዑ።

ብዝኾነ ስፓኛውያን ነዚ መሬትዚ ብምርካቦም ካዕበ ካዕበ ወረ ይነዛሕ ጽሑፋት ይወቀጥ'ምበር፡ ህዝብታት ኣብዚ መሬትዚ ቅድሚ ኮሎምቡስ ነቲ መሬት ምብጽሑ እውን ይነብሩ ነይሮም እዮም። ኣብዚ ቦታዚ ንመዋእል ዝነብሩ ማያ ዝብሃሉ ምዕቡል ባህሊን ያታን ዝውንኑ ዝነበሩ ህዝብን ካልኦት ቀያሕቲ ህንዳውያን ኣብዚ ሓድሽ ዝበሃል ዘሎ ክፍለዓለምዚ ነይሮም እዮም። ከምኡውን እስኪሞ ካብ ኣይስላንድ ነዚ መሬትዚ ቅድሚ 500 ዓመታት ምድህሳስ ኮሎምቡስ ረጊጸሞ ምንባሮም ይንገር እዩ። ናይ ኮሎምቡስ ነዚ ገፌሕ ክፍለ ዓለም ምርካብ ዚያዳ ሚዛን ዝሃቦ ምኽንያት ግን እስጳኛውያን ናይ ምግባት ምግዛእን ምስፍሕፋሕን ሽውሃት ከዕግብ ንሃገረ ስፓኛ ከእ ብወርቂ ብቀመም ይኹን ብሽኮር ዝሃብተመት ሃገር ኤውሮጳ ክገብር ከምዝኽእል ተስፋ ስለዝተገብረ እዩ። ኮሎምቡስ ወርቂ ይኹን ብሩር ሒዙ ኣይመጸን ግን ከም ንጉስ ከም ረኻብ ሓድሽ መሬት ኣሜሪካ ተሰይሙ ኮርዐ። ኣብ እስያ እትርከብ ሃገር ኣካል ህንዲ ዝኾነት ቻይና ኢኻ ረኺብካ ተባሂሉ ብምእማን ብ1506 ሞተ። ብድሕሪኡ ወይለኦም ደእ ሚልዮናት ዝነበሩ ማእቲታት ዝተረፉ ቀያሕቲ ህንዳውያን ወይ ማያ እምበር ስፓኛ

ንፉበትን ስለዝተረኽበ ነዘን ሎሚ መቑጸሪ ዘይብሉ ህዝቢ ረዚን ጾር ዝስማን ኣገልግሎት ዝህባን ዘለዋ መራኽብ ክድንፍዓ ምኽኣል ንኹሉ ተዓዛቢ ህዝቢ ብተዛማዲ ከዕግብ ክኢሉ ይርከብ።




1.3.6* ካብተን ብንፋስ ዝእለያ መራኽብ ገለ 1.3.7*



ካብተን ሞቶር ነዳዲ ምስተማህዘ ዝማዕበላ መራኽብ 1.3.8*



ገለ ካብተን ዝዓበያ ዘመናውያን መራኽብ ዓለም 1.3.9*

ናይ ሎሚ ዘመናውያን መራኽብ ብመንጽር ክብደት ክንሪኦ እንከለና እተን ዝኸበደ ሽኽሚ ጽዒነን ኣብ ኩሉ ውቅያኖሳት ዓለም እናንሳፈፋ ኣገልግሎት ዝህባ ዘለዋ መሃንዲሳት በብጊዜኡ ዘሰርሕወን ዝዓበየ ጉልበት ዝውንና ምህዞ እየን።እዘን መራኽብ እዚኣን ዓይነ ምድሪ መሕጸብ ነብሲ፡ ከምኡውን ሆቴል ዝተዋደደለን ኮይነን ናይ ጽዕነት ኣገልግሎት ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ቱሪዝም፡ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ፡ጐስጓስ፡ ምጽዓን ናይ ውግእ ታንክታትን ነፈርቲን፡ ጸዓት ንምውጻእ ዘገልግላ፡ ኣብ ሰሜናዊ ዋልታ ብኑክሌራዊ ጸዓት ዝሰርሓ ሰበርቲ በረድ ኮይነን ዘገልግላ፡ ንባዕለን ተዋጋእቲ ብምዃን እውን ኣብ ውግእ ከይተረፈ ዝሳተፉ መራኽብ እየን።

ሎሚ ኣብ ሮተርዳም ዝበሃል ወደብ ናይ ሆላንድ፡30000 ዝኾና መራኽብ ኣብ ዓመት 300 ሚልዮን ቶን ክጽዕናን ከራግፋን ይርከባ ኣለዋ።እቲ ወደብ ንመዓልቲ 82 ዝኾና መራኽብ ክቕበልን ከዋፍርን ይውዕል። ዘመናዊ ሰሌዳ መደባት ጌርካ መራኽቢ.ታት መጓዓዝያ ብናይ ተክኖሎጂ መሳለጥያታትን እናተጠቐምካ ፍጡን ጉዕዞ (ፍጥነት መራኽብ ካብ 12 ክሳብ 90 ኪ.ሜተር ኣብ ሰዓት ይበጽሕ) ከምኡ ውን ጽፉፍ ኣገልግሎት ምሃብ ንቡር መዓልታዊ ስራሕ ኮይኑ ይርከብ። ጸብጻባት 2011 ከምዝሕብርዎ ኣብ ዓለም ብጠቕላላ 104304 መራኽብ ኣብ ጽላል ኣህጉራዊ ውድብ ምሕደራ መራኽብ፡ IMO (International maritime organization) ተመዝጊበን ኣብ ሕጋዊ መዳያት፡ ምክልኻል ብከላ ባሕሪ፡ ድሕነት መራኽብ ኮነ ተክኒካዊ ንጥፈታት ዘጠቓለለ ምትሕግጋዛት ከምዝገብራ ይፍለጥ።